**South Carolina Department of Social Services**

# ሓበሬታ ብዛዕባ ሻርነት-ኣልቦ ዳንነት

**ጥርዓን ድሕሪ ምቕራብካ ጉዳይካ ብመንጽር ሻርነት-እልቦ ዳንነት ከረኣየልካ ይኽእል እዩ**
ብዛዕባ እቶም ካባና እትቕበሎም ሓገዛት ዘይትሰማምዓሉ ነጥቢ ምስዝህልወካ፡ ኪወሃበካ ዝጸንሐ ሓገዝ ደው ኢሉ እንተኾይኑ ወይ ሓገዝ ካብ ምቕባል ተነጺግካ እንተኼንካ፡ ጉዳይካ ብመስርሕ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ንኽረኣየልካ ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ መስርሕ ሻርነት-እልቦ ዳንነት፡ ንስኻን ዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS)ን - ክልቴኹም - ተወካሊ ዳንነት ንዝኾነ ሰራሕተኛ ንጉዳይካ ብዝምልከት እንታይ ከምዝተፈጸመ ክትሕብርዎ ኢኹም። ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳራዊ ዳንነት ድማ ብዛዕባ ጉዳይካ ውሳኔ ብምሃብ ብጽሑፍ መልክዕ ናባኻ ክሰዶ እዩ።

**ናይ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ጠለብ እተቕርበሉ መገዲ**
ጉዳይካ ብመገዲ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ንኽረኣየልካ ብቑጽሪ ተሌፎን 1-800-311-7220 ክትድውል ወይ ኣብ ከባቢኻ ናብ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS) ደብዳቤ ከተቕርብ ትኽእል። ንናይ ስናፕ (SNAP) ሓገዝ ብዝምልከት ናብ ዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS) ጠለብ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ንምቕራብ፡ እቲ መስርሕ ካብ ዕለት ናይ'ዚ እዚ ምልክታ እዚ ጀሚርካ ካብ **90 መዓልትታት** ንላዕሊ ግዜ ክወስድ ኣይግባእን። ንመደብ እግሪ-ምትካል ናይ ስድራቤታት (FI) ብዝምልከት ድማ እቲ ዝቐርብ ጠለብ ሻርነት-እልቦ ዳንነት፡ ካብ ዕለት ናይ'ዚ እዚ ምልክታ እዚ ጀሚሩ **60 መዓልትታት** ክሕልፍ ኣይግባእን። ዝኾነ ይኹን ፍሉይ ጠለብ ምስዝህልወካ ወይ ተርጓሚ ድዩስ ዝተተርጎሙ ሰነዳት ምስዘድልዩኻ፡ ንዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS) ሓብር።

**ዝውክለካ ሰብ የድልየካ ዶ?**
ኣብ መስርሕ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ብኣካል ክትቀርብ ትኽእል ኢኻ። መሓዛኻ፡ ዘመድካ ወይ ጠበቓኻ (ባዕልኻ እትኸፍሎ) እውን ኣብ ክንዳኻ ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከባቢኻ ካብ ዝርከብ - ብመገዲ ሕጋዊ ኣገልግሎት ሓገዝ ዝህብ ትካል ወይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ሕጋዊ ኣገልግሎት ናጻ ሕጋዊ ኣገልግሎት ክትረክብ ስለእትኽእል፡ በዚ ዝስዕብ ቍጽሪ ተሌፎን ደውል፦
1-888-346-5592 - ኣብ ምሉእ ኣውራጃ ዘገልግል ቍጽሪ ወይ 803-744-9430 - ኣብ ከባቢ ኮሎምቢያ ጥራይ [ሕጋዊ ኣገልግሎት ይኹን ንዕኡ ዝምልከት ሓገዝ ኣካል ዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS) ኣይኮነን]።

**ንዝወሃበካ ሓገዝ ደው ከነብሎ ወይ ክንንክየሉ ዲና?**
ዝወሃበካ ሓገዝ ቀጻሊ ክኸውን ምስእትደሊ፡ ጠለብ ናይ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ከተቕርብ፡ እዚ ዳብዳቤ እዚ ኣብ ኢድካ ካብ ዝበጽሓካሉ እዋን ኣትሒዝካ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልትታት ድማ እቲ ዝወሃበካ ሓገዝ ቀጻሊ ክኾነልካ ክትመርጽ ይግባእ። እታ ዓስረይቲ መዓልቲ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ምስእትውዕል ወይ በዓል ምስእትኸውን፡ ኣብ እትቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ሕቶኻ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ውሽጢ 10 መዓልትታት ጠለብ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ምስእተቕርብን ዝወሃበካ ሓገዝ ቀጻሊ ክኸውን ምስእትመርጽን፡ መስርሕ ዳንነት ብውሳኔ ክሳብ ዝድምደም ክወሃበካ ክትወስዶ ዝጸናሕካ ሓገዝ ክቕጽል እዩ። ኣብ መደብ ፕሮግራም ስራሕ ኤፍ.ኣይ. (FI Work Program) ትሳተፍ እንተሃሊኻ፡ ዝወሃበካ ሓገዝ ናይ ኤፍ.ኣይ. (FI) ቀጻሊ ንክኸውን፡ ናይ ፕሮግራም ስራሕ ንጥፈታትካ'ውን ቀጻሊ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ናይ ዳንነት ውሳኔ እንተተረቲዕካ፡ ንኹሎም ዝወሰድካዮም ሓገዛት ክትመልሶም ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ዕድመ ሰርቲፊከይት ናይ ዝወሃበካ ሓገዝ ስናፕ (SNAP) ቅድሚ መስርሕ ዳንነት ምስልሳሉ ምስዘብቅዕ፡ እቲ ሓገዝ ቀጻሊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ናይ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ጠለብ ዘቕረብካሉ ምኽንያት፡ ጉዳይ ሓገዝካ ድሕሪ 24-ኣዋርሕ ምስ ምዕጻው ዝተኣሳሰር ምስዝኸውን፡ ክወሃበካ ዝጸንሐ ሓገዝ ክቕጽል ኣይክእልን እዩ። ጥርዓን ኣብ ምቕራብ ካብ 10 መዓልትታት ንላዕሊ ምስእትወስድ፡ ጉዳይካ ኣብ መስርሕ ናይ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ክኣቱ እዩ፡ ዝወሃበካ ሓገዝ ግን ክቕጽል ኣይክእልን እዩ።

**ድሕሪ መስርሕ ሻርነት-እልቦ ዳንነት**
ኣብ መስርሕ ሻርነት-እልቦ ዳንነት ምስእትረትዕ፡ ደው ኣቢልናዮም ወይ ነኪናዮም ዝጸናሕና ሓገዛት ብሙሉኦም ወይ ብኸፊል ክወሃቡኻ እዮም። ኣብ'ዚ ናይ ዳንነት መስርሕ ምስዘይትረትዕ'ሞ ክትቅበሎ ዝጸናሕካ ሓገዝ ክቕጽል ምስዝጸንሕ፡ ንዝወሰድካዮም ክፍሊታት ከተምልሶም ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS) ንገለ ክፋል ናይ ዝኾነ ይኹን እትቕበሎ ሓገዝ ከም መሐለውታ ከቕምጥ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ንስናፕ (SNAP) ወይ ፕሮግራም ሓገዝ ስድራ-ቤት (Family Assistance) ንእትእወዶ ገንዘብ ኣብ ምምላስ ዝሕግዝ እዩ።

**ኣስተውዕል፡-** ዝወሃበካ ናይ ስናፕ (SNAP) ወይ ኤፍ.ኣይ. (FI) ሓገዝ ዝቕጽለሉ ግዜ ምስኣኸለ፡ ዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS) ክሕብረካ እዩ። **ካብ ዲ.ኤስ.ኤስ. ከየባተኽካ ሓገዝ ንኽትቅበል፡** ክወሃቡኻ ዝጸንሑ ናይ ስናፕ (SNAP) ወይ ኤፍ.ኣይ. (FI) ሓገዛት ደው **ቅድሚ** ምባሎም፡ ዝተሓደሰ ሰርቲፊከይትካን ዝተመልአ ናይ ዳግመ-ግምት ቅጥዕን ብኣድላዪ ሓበሬታ ኣሰኒኻ ናብ ቤት-ጽሕፈት ዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS) ስደዶም።

**ኣስተውዕል፡-** ኣብ ኩነታት ስድራ-ቤትካ **ዝኾነ ይኹን ለውጢ ምስዝህሉ፡ ብዛዕብኡ ንዲ.ኤስ.ኤስ. ከተፍልጦ ግዴታ ኣለካ።** ብዛዕባ እዚ ለውጢ እዚ ሓበሬታ እተቕርበሉ መገዲ ደብዳቤ ምጽሓፍ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ዲ.ኤስ.ኤስ. (DSS) ተሌፎን ምድዋል፡ ቅጥዒ መሐበሪ ለውጢ DSS 1620 Change Report for Simplified Reporters (ንፕሮግራም ስናፕ/SNAP) ብምጥቃም ወይ እውን ቅጥዒ መሐበሪ ለውጢ DSS 1217 Change Report Form – Recipients of Family Independence Benefits/Services (ንፕሮግራም ኤፍ.ኣይ./FI) ብምምላእ እዩ።

DSS Form 2418 Tigrinya (APR 13) Edition of MAY 12 is obsolete.